<u>**ስነ-ጥበባውያን ዝርከቡዎም ጃማላዊ ማሰርቲ ተፈጺሙ።**</u> 16/ ጥሪ/ 2017

ብዕለት **14 – 15/ ጥሪ/ 2017** ጸጥታ ስርዓት ኤርትራ ኣብዘን ክልተ መዓልታት ብሃንደበት ጃምላዊ ማእሰርቲ ከምዝፈጸሙ ምንጭታት ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ ኣረጋጊጾም። እቶም ዝተፈላለዩ ፍጻሜታት ማእሰርቲ ድማ፥

**ቀዳማይ ፍጻሜ፥** <u>ብዕለት 14/ጥሪ/ 2017</u> **ብዓፋኒት ጉጅለ ጸጥታ ዞባ ማእከል** ተሃዲኖም፡ ደረስትን ናይ ፊልም ቀረጽትን ዝርከቡዎም ብዙሓት ስነ- ጥበባብያን ከምዝተኣስሩ ተረጋጊጹ ኣሎ። ሓደ ካብ እሱራት ስነ ጥበባውያን ድማ **መርሃዊ መለስ** ምኻኑ ተፈሊጡ
ኣሎ። ንምኽንያት ማእሰርቶም ዝገልጽ ንጹር ሓበሬታ ዋላ እንተዘየለ፡ ካብ ማእከላይ ገበን መርመራ ፖሊስ ኤርትራ ዝሰሎኸ ሓበሬታ ከምዘረጋግጾ ግና ማእሰርቲ ስነ- ጥበባብውያን ሃቅነቱ ተፈሊጡ ኣሎ። በዓል መንዮም ወይ እሱራት ኣብ ከመይ ኩነታት፡ ጉዳዮም ክብደት ስለዘለዎ ቀጸሊ ክእሰሩ ዲዮም ወይስ ተመርሚሮም ክፍትሑ'ዮም ወዘተ ዝብሉ ሕቶታት ምስ ግዜ ዝራአ'ዩ። ይኹን'ምበር

<u>**ካልኣይ ፍጻሜ፥**</u> ብዕለት 14/ ጥሪ/ 2017 ተለንተ ሃብቶም ገብረእግዚኣብሄር ብዓፋኒት ጉጅለ ጸጥታ ዞባ ማእከል ከምዝተኣሰረ ተረጋጊጹ ኣሎ። ምኽንያት ማእሰርቱ ድማ ኣብ ገዝኡ ብብዝሒ ናይ ቀደም ባጤራ ናቕፋ ብብዝሒ ሒዙ ከምዝጸንሐ ይፍለጥ። ኣረጊት ባጤራ ናቕፋ ይኹን ናይ ወጻኢ ሸርፊ ኣብ ኣስመራ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ይካየድ ምህላዉ ዘረጋግጹ ሓበሬታ ኣለዉ። ቀኣጠባዊ ትካላት ህግደፍን ገለ ጀነራላትን ድማ ኣብዚ ዘይሕጋዊ ሸርፊ ብተዘዋዋሪ ኣገባብ ከምዝዋፈሩ ተደጋጊሙ ክግለጽ ጸኒሑ'ዩ።

ተለንተ ሃብቶም ምስዚ ዘይሕጋዊ ሸርፊ ብኸመይ ይትኣሳሰር ንጹር ሓበሬታ የለን። ይኹንም'በር ንሱ ምስ ሓላፊ ቤት ማእሰርቲ ዓዲ ኣበይቶ **ወዲ ከበደ** ጥቡቕ ዝምድና ከምዝነበሮ ይፍለጥ። ንተለንተ ሃብቶም ሓደ መሳርሕቱ ድማ ኣብ ቤት ማእሰርቲ <u>ዓዲ ኣበይቶ</u> ናብ ሓደ ወርሒ ዝገማገም ግዜ ተኣሲሩ ስለዝነበረ፡ ***ሎሚ ወጋሕታ ዕለት* 15/ *ጥሪ*/ 2017** ብሃንደበት ካብ ቤት ማእሰርቲ ኣምሊጡ ተሰዊሩ ከምዘሎ ተረጋጊጹ ኣሎ። ከም ሳዕቤኑ ድማ፥

***ዕለት* 15/ *ጥሪ*/ 2017** ( ሎሚ ንጉሆ) ፡ ሽዱሽተ (**6**) ኣባላት ሓለዋ ቤት ማእሰርቲ ዓዲ ኣበይቶ ብጸጥታ ዞባ ማእከል ተጨውዮም ከምዝተኣስሩ ምንጭታትና ኣረጋጊጾም ኣለዉ። ምኽንያት ማእሰርቶም ዝፈጸምዎ ገበን ኣለዎም ዲዩ የብሎምን ብንጹር ኣይተፈልጠን። ስለዚ ካብ ማእሰርቲ ዘምለጠ ሰብ ብዘይምቑጽጻሮም፡ ወይ ርክብ ስለዝነበሮም ኣብ ምህዳሙ ምትሕብባር ነይሩዎም ዝብል ጸጥታዊ ጥርጣሬ ስለዝሓዙ ብመርመራ ዝያዳ ምጽራይ ክገብሩ ክእሰሩ ከምዝኽእሉ ግምታቶም ይገልጹ።

**ሳልሳይ ፍጻሜ፥** ብዕለት 14/ ጥሪ/ 2017 ዓፋኒት ጉጅለ ጸጥታ ዞባ ማእከል ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታት ተዋፊሮም ብዙሓት ኣሲሮም ኣለዉ። እቲ ቀዳማይ ፍጻሜ ሓደ ኣባል ፖሊስ 1ይ መደበር ካብ ስርሑ ብጸጥታ ተወሲዱ ተኣሲሩ ኣሎ። እቲ ካልኣይ ድማ ካብ ዓዲ ጓዕዳድ፡ ኣኽርያን ማይተመናይን ብርክት ዝበሉ ዜጋታትና ካብ መንበሪ ገዛውቶም ተወሲዶም ከምዝተኣስሩ ተረጋጊጹ'ሎ።

**መብርሂ፥** ዕለተ ማእሰርቲ፡ ገለ ኣስማት እሱራትን ናይ ማእሰርቲ ናይ ኣፈጻጽማ ኣገባቡን ብመርትዖ ኣቕሪብናዮ ኣለና። ዝተረፈ ዝርዝራዊ ሓበሬታ ስለዘይበጽሓና ኣይተማልአን። ይኹን'ምበር <u>**ቃል ኣይንአቱን፡**</u> ግና ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ ንጽዕር ስለዘለና፡ ዝርዝር ኣብ ዝረኸብናሉ እዋን ድማ ከነስዕቦ ክንፍትን ኢና። ምስዚ ዝተኣሳሰር ሓበሬታ ዘለዎ ሰብ ድማ ወሲኹ ክድርዖ፡ ወይ ብኣድራሻና ተወሳኺ ሓበሬታ ክትሰዱልና ብኣኽብሮት ንጽውዕ።

<u>**ክፍሊ ዜናን ባህልን፡**</u> ስሙር ደሞክራስያዊ ግንባር ኤርትራ (ስደግኤ)

Email: uedf2012@gmail.com Website:www.erifront.com 16/ January/ 2017